ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ  حزب الشعب الديمقراطي الارتري

(Temporary emblem)

# ERITREAN PEOPLE'S DEMOCRATIC PARTY (EPDP)

ዕለት፡ 16 ጥሪ 2010
ኣርእስቲ፡- ናይ ደገፍ መልእኽቲ ንኤርትራዊ ግሎባላዊ ጉባኤ መንእሰያት

ክቡራትን ክቡራንን

ብስም ክፍሊ ጉዳያት መንእሰያትን ብስም መሪሕነት ሓድሽ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራን ናይ ደገፍ መልእኽቲ ከመሓላልፈልኩም ክብሪ ይስምዓኒ። ኣብ'ዚ ህዝብናን ሃገርናን ዘሕልፍዎ ዘለዉ ኣዝዩ ጽንኩር ህሞት፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንጉዳይ መንእሰያት ኤርትራ፡ ክብ ዝበለ ኣትኩሮ ክህቦ ቌሪጹ ተበጊሱ ኣሎ።

ስለ'ዚ፡ እዚ ኣብ ዋሺንግተን ዲሲ ተካይድዎ ዘለኹም ጉባኤ፣ ንኹሎም ኣንጻር ጭቆናን በደልን ዝቃለሱ ዘለዉ ኤርትራውያን ኣገዳሲ ተረኽቦ ስለዝኾነ፡ ብዓወት ክዛዘም ዘሎኒ ትምኒት ክገልጸልኩም እፈቱ። እዚ ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ሰፊኑ ዘሎ ኣሕዛኒ ኩነታት ህጹጽን ዘላቕን ፍታሕ ክረክብ ዝኽእል፡ እዚ ሓድሽ ወለዶ ጽባሕ ዘይኮነስ ሎሚ ግብራዊ ስጉምቲ ከወስድ እንተደኣ ጀሚሩ'ዩ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣሎኒ። እቲ ጉዲሉ ዝጸንሐ እምበኣር፡ እዞም ዝበዝሑን ዝያዳ ዓቕሚ ዘለዎምን ክፋል ናይ ሕብረተሰብና ዝኾኑ መንእሰያት ብዝመረጽዎ ኣገባብ ተወዲቦም ግብራዊ ስጉምቲ ክወስዱ ዘይምጅማሮም ኢዩ።

ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ደረት ዘይብሉ ናይ ሓድሽ ወለዶ ዓቕምን ክእለትን ንለውጥን ዲሞክራስን ካብ ዘለዎ ምሉእ ዕግበት ተበጊሱ'ዩ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻኢ ካብ ሰልፍን ዝርከቡ መንእሰያት ንዝወስድዎ ተበግሶታት ንምትብባዕ፡ ንጉዳይ መንእሰያት ዝከታተል ክፍሊ ክህልዎ ብምሉእ ዕግበት ዝወሰነ። ኩላትና ኣብ ጐድንኹም ከምዘሎና ግብራዊ ስጉምቲ ክንርኢ ኣብ ትጽቢትና ከምዝጸናሕናን ድማ፡ ከነርጋግጸልኩም ንፈቱ።

እዚ ግብራዊ ስጉምቲ ክትወስዱ ኣብ እንጽበየኩም ዘሎና ወቕቲ ተካይድዎ ዘለኹም ጉባኤ ብዓወት ክዛዘም ዘሎኒ ትምኒት ደጊመ እናገለጽኩ፣ እንቋዕ ሓጐሰኩም ዝብል ናይ ዮሃና መልእኽተይ ኣመሓላልፈልኩም።

ሓውኩም
ዶክተር ኣክሊሉ ግርማይ
ሓላፊ ክፍሊ ጉዳያት መንእሰያት
ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ

Mainzer Landstr. 302
60326 Frankfurt, Germany
+496954801244
+49 69 2424 8583

aklilu.ghirmai@yahoo.de
aklilu.ghirmai@web.de